# ሕጅስ ንባራበር!! መንነትና ንክኽበር!!

**ብተኽለብርሃን ጴጥሮስ 26/12/2008**

ሰብኣዊ መሰልና፣ ኩሉ ተደፊሩ
ሸኽ ሙፍቲ፣ ኩሉ ተሓዪሩ
ቐሺ ፓትርያርኽ፣ ብህግደፍ ይምልመሉ
ሃይማነታዊ ናጽነትና'ዉን፣ ተሃጊሩ

ንኣብ ዉሽጢ ወጻኢ፣ ኣስተውዕሉ ዜጋታት
እምብለይ ብማለት፣ ንበራበር ብንቕሓት
ብጉቡእ ንመርምሮ፣ ዘውረዱልና መዓት
ክሳብ መዓስ ኢና? ክንሕጸብ ብንብዓት

መሰል ተረጊጹ! ክብሪ ካብ ተደፍረ
ሸኽ ሙፍቲ፣ ካብ ተኣሰረ
ቐሺ ፓትርያርክ፣ እንካብ ተሓየረ
እንታይ ዶ ኣሎ'ዩ? ካብ'ዚ ዝመረረ

ሽክ ሙፍቲ፣ ብህግደፍ ይሕረ
ቐሺ ፓትርያርክ፣ ሽጉጥ እተኮልኮለ
እምነትና ተደፊሩ፣ ኩቡር ዝነበረ
እንታይ ንጽበ ኣሎና? ኣሕዋት ደቂ ኤረ??

ሃገር ብሃገራ፣ ጅሆ ተታሒዛ
ንዉሕዳት ጥራይ፣ ኮይንሎም ኣኽዛ
ኣብ ዉሽጢ ወጻኢ፣ ካብ እንመዉት ብቓንዛ
ይኣክል ሕጅሲ፣ ንሸከም ኣፍራዛ

ጊዜ ኣይንሸምት፣ ብዋዛ ፈዛዛ
ንለውጢ ንቓጸጽ፣ ከም ኩዳ ዓረዛ
ብቕሳነት ክንበልያ፣ ናይ ሓርነት ሃንዛ
ሃየ ንሻባሸብ ንኽንከፍቶ፣ እተዓጽወ ገዛ

ኩሉ ብኩቦን፣ ኮይኑ ብኩባያ
ንሱ'ዉን ንሰብ ገንዘብ፣ ንሰብ ኣያ
እንሆ ሰራዊት ጀሚሩ! ክኸዉን ኣርኣያ
ንደምረሉ ናህሪ፣ ኤርትራ ክርህያ

ጤሳና ተመንጢሉ! ክብርና ረኺሱ
መግለጺ መንነትና፡ ኩሉ ተደምሲሱ
ኣብ ክንዲ ሓርነት፡ ሽፍትነት ነጊሱ
ዜጋታት ኤርትራ፡ ንለዉጢ ተበጊሱ

ፍናን ኣሓዲስና፡ ንሰጉም ንቕድሚት
ንኣደራዕ ዜጋታትና፡ ንሃበሉ ግምት
ንድሕነትና ድኣ፡ ብሲኒት ንጠምት
ምክንያት ኣይነብዝሕ፡ ፍጹም ከይንጸንት

ምህርቲ ሓረስቶት፡ ኩሉ ንመንግስቲ
ጾሞም ይሓድሩ፡ ሰብ ጤሳ ሰብ ርስቲ
ህግደፍ ንህዝብና፡ ኮይኖሞ ዓለቕቲ
መልሓስ ቐይሮሞ፡ ዘበናዊ ስልቲ
ከም'ዚ ኣይተራእየን፡ ኣብ ጊዜ መግዛእቲ

ግብሮም ዝመረሮ፡ ሰራዊት ኤርትራ
ሱጉምቲ ጀሚሩ፡ ኣብ ከበሳ ቖላ
ቀሪጹ ዝተላዕለ፡ ንኸጽንዕ ማሕላ
ብትኽትክ ንኸብሎ፡ ንምልካዊ ዕንደራ
ንወላዲት ሃገሩ፡ ንኽገብራ ሓራ

ተለዓል ተበራበር፡ ብዓል ኒሕ ሕልና
ኣብ ረብሓካ ቀይሮ፡ ንዘንጠጠ ደመና
ነግ ፈረግ ኣይትበል፡ ኣጽንዕ ሕድሪ ጅግና
ድምጽካ ኣቓልሕ፡ ኣብ ኩሉ ጎደና

ቀሲንካ ክትነብር፡ ኣብ ዉሽጢ ወጻኢ
ብመንነትካ ክትሕበን፡ ጉሒፍካ ጸላኢ
ብጉሉጽ ተወናጨፍ፡ ኣወጊድካ ፍርሒ
ንምልኪ ደምሲስካ፡ ኣንግሳ ንፍትሒ

ሪኢካ ሰሚዕካ፡ ኣይትበል እንዲዒ
እንሆ ሰራዊትና፡ ጀሚሩልካ ቁልዒ
ሓሓላፍነትና ንፍለጥ! ጽቡቕ ንኽንርኢ
ምህርቲ ክንሓፍሰሉ፡ ንእተበደልናዮ ብወግዒ

ወድቐት ንህግደፍ!!
ቕሳነት ንህዝብና!!